# መግለፂ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ንተኸታተልቲ 5 መዓልታት ክካይዶ ዝቐነየ ገምጋም ኣጠቓሊሉ፡፡

ካብ ድክመታቱ ወፂኡ ንህዝቡ ክገልግል ቆሪፁ ከም ዝተልዓለ ድማ ኣረጋጊፁ፡፡

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ቅድም ክብል ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ዘነፀሮም ቀንዲ ፀገማት ናብ ነብሱ ኣጥቢቑ ንምርኣይን ንሕቶታት ህዝቢ ምላሽ ዝህብ ዝርዝር መደብ 2009 ዓ.ም ንምፅዳን ብምዕላም ንተኸታተልቲ 5 መዓልታት ክካይዶ ዝቐነየ ገምጋም ሎምዓንቲ ብዓወት ከም ዝዛዘመ ኣፍሊጡ ፡፡

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብ ገምጋሙ ንሕቶታት ህዝቢ ንምምላስ ቀንዲ ፓለቲካዊ ፀገማት ኮይኖም ሓሊኾም ሒዞም ዝፀንሑ ከም ፀረ ዲሞክራሲ ፣ፀቢብነት ፣ጉድለት ስነምግባር፣ ብልሽው ኣሰራርሓ፣ጉድለት ሰናይ ምምሕዳርን ዝኣመሰሉን ነጥብታት ኣብ ባዕሉ ኣብ መሪሕነት ህወሓት ክመይ ከም ዝግለፅ ናብ ነብሱ ኣጣቢቑ ብዕምቆት ብምግምጋምን ሃናፅን ዕውትን ቃልሲ ብምክያድን ጉድለታቱ ከም ዝርኣየን ከም ዘልዓለን ግልፂ ገይሩ፡፡

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ከም ዝሓበሮ ክህደስን ህዝባውን ዲሞክራስያውን ኣረኣእያ ተላቢሱ ክወፅእን ብመሰረት ዝወሰኖ ውሳነ ዓሙቑ ፣ተሪርን መሃራይን ወያናይ ቃልሲ ብምክያድ ካብ ድክመታቱ ወፅዩ ንህዝቡ ንምግልጋል ቆሪፁ ተላዒሉ ከምዘሎ ድማ ኣረጋጊፁ፡፡

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብ ገምጋሙ ንሕቶታት ህዝቢ ምላሽ ዝህብ መደብ 2009 ዓ/ም እውን ብዕምቆት ብምርኣይ ኣፅዲቑ እዩ፡፡

ገምጋምን መደምደምታን ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ከምቲ ልሙድ ናብ ህዝብን ኣባላትን ከም ዝወርድ ዝሓበረ እቲ ውድብ ኣባልን ህዝብን ከምቲ ልሙድ ነዚ መሰረት ገይሩ ምስ ውድብ ተኣሳሲሩ ቃልሱ ክቀፃፀል ፀዊዑ፡፡

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብ ገምጋሙ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርና ብፅሒት ህወሓት ኣብ ዝብል ነጥቢ ብዕምቆት ዝርኣየ ኮይኑ ምስ ኩሎም ኣባላት ውድባት ኢህወደግን መሓዙት ውድባትን ተኣሳሲሩ ፀገም ሃገር ኣብ ምፍታሕ እጃሙ ክፍፅም ቆሪፁ ተላዒሉ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ ኣሎ፡፡